# ጻውዒት ንሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ስዊስ

**ንዕለት 25.03.2011**

**ኣብ ፒያሳ ሕቡራት ሃገራት ጀኔቭ**



ኤርትራውያን ተቓማጦ ስዊስን፣ ጀርመንን፣ ጣልያንን፣ ፈረንሳን፣ከምኡ'ውን ካልኦት ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዕለት 25.03.2011 ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ምኻኖም ክንሕበር ንፈቱ። ንኹሉ ኤርትራዊን ፈታው ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብዚ ሰላማዊ ሰልፊ ንኽሳተፍ ይጽዋዕ።

እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ክልተ ዕላማታት ክወቅዕ ዝተወደበ እዩ። እቲ ቀዳማይን ህጹጽን ምድሓን ሂወት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሊብያን ኣብ ሲናይ ግብጺን ኣብ ካልእ  ቦታታን እዩ። እቲ ካልኣይን ክጉሰ ዘይክእልን መሰረታዊ ጠንቂ ሽግራትና ዝኾነ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታተራዊ ስርዓት ዝገብሮ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ንምቅዋምን ምቅላዕን ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝቃለስ ዘሎ ውጹዕ ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎድኑ ከምዘሎና ዝገልጽን እዩ።

ሰልፈኛታት ንሓለፍቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቤት ጽሕፈት ሰደተኛታትን ቤት ጽሕፈት ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጀነቭ ተራኺቦም ብኣካል ኩነታት ክገልጹን ደብዳቤታት ከረክቡን እዮም።

ሎሚ ኣብ ከባቢና ዝነፍስ ዘሎ ናይ ዲሞክራሲ ንፋስ ንዓና እውን ብማዕዶ ናይ ተስፋን ሞራልን ተረኺቦ ኮይኑና ኣሎ። ኮይኑ ግን እዚ ብማዕዶ እንሪኦ ዘሎና ደበና ኣብ ሃገርና መታን ኪዘንብን ጠሊን ራሕሲን መታን ከምጽኣልና ኪንሰርሓሉን ክንኩስኩሶን ይግብኣና ኢዩ እሞ ሃየ ፍሬኡ መታን ኪንሓፍስ ኣብ ዓወዲ ሰለማዊ ሰልፊ ንሳተፍ።

ስለ'ዚ ኩሉኹም ኤርትራውያን ተቓማጦ ስውስን ጀርመንን ጣልያንን ፈረንሳን  ነዚ ኣብ ሃገርና መዘና ኣልቦ ዝኾነ ግፍዕን ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰልን ዝፍጽም ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ኣትሪርኩም ክትኩኑኑዎን ክትቃወሙዎን ሃገራዊ  ግዴታኹምን ሓላፍነትኩምን ብምኻኑ፣ ኣብ'ዚ ዚተባህለ ግዜን ዕለትን ንኪትሳተፉ ብኽብሪ ንጽውዕ፣፣

ቦታ : ኣብ ፒያሳ ሕቡራት ሃገራት ጀኔቭ - Palais des Nations, Geneva

ዕለት: ዓርቢ  25.03.2011

ሰዓት: 14:00 ጀሚሩ  18:00 ይውድእ

**ኣዋሃዲት ሽማግለ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ቦርጌሳዊ ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ተቓወምቲ ሓይልታትን ኣብ ስዊስ**

# A call to all Eritreans to join a demonstration in Geneva – Switzerland

## on Friday 25 March



Eritreans from Switzerland and other countries in Europe will stage a demonstration in front of the UN headquarters in Geneva on Friday 25th of March 2011. The aim of the demonstration is two fold. The first and most urgent is to save the lives of Eritrean refugees in Libya, Sinai (Egypt) and other places were they face imminent danger. The second is the cause of all our problems which is the brutal dictatorship and violation of human rights inside Eritrea. The demonstration will deal with the cause and effect of our problems. Demonstrators will meet with officials from UNHCR and UN Human Rights Council and will hand over letters of appeal.

Demonstration place, date and time :

Palais des Nations, UN Headquarter in Geneva – Switzerland
Friday 25 March 2011 from 14h to 18h00

We call on all Eritreans, peace and freedom loving friends of Eritrea to join the demonstration.

Coordinating committee from civic society organization Eritreans for peace and democracy and opposition forces in Switzerland.